ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

**ካብ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝወጸ መብርሂ፥**

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዝሓለፉ መዓልትታት ብገለ ኣባል ውድባቱን ካልኦት ጽሓፍትን ኣብ መርበባት ሓበሬታ ብዛዕባ ውጽኢት ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ጉዳይ ኤ.ዲ.ኪን ምስ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝህልዎ ዝምድና ብዝምልከትን ንዘርእይዎ መርገጻት ብምግላጽ ሓላፍነቱ ከኣ፥ ንማእከላይ መሪሕነት ኤ.ዲ.ኪ ብምሸካም ኣብ ሓፈሻዊ ኤርትራዊ ራእይ ምድንጋር ምፍጣርን ካብ ውሰንቲ ጉዳያቱን መድረኻዊ ገድላዊ ዕማማቱን ከየተኩር ንምግባር ክከታተል ጸኒሑ'ዩ። በዚ መሰረት ከኣ፥ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኣብ ጉባኤታቱን ብሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሖኡን ብዝተሰማምዓሉ መሰረት ነዚ ዝስዕብ ሓቅታት ከብርህ ይፍቱ፡-

1. ብዕለት 14 መጋቢት 2011 ዝጸደቐ ቅዋም ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ዓንቀጽ (11) ንኡስ ዓንቀጽ (4) ነዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ይገልጽ፡-

(4.ብዘይካ ፈጻሚ ቅርጻ ሓላፍነቱ ከም ኣድላይነቱ ንማእከላይ መሪሕነት ስለ ዝምልከት ኣብዚ ቅዋም'ዚ ዝኾነ እርማት ንምግባር ሓላፍነቱ ንጠቕላላ ጉባኤ ጥራሕ'ዩ ዝኸውን።)

ቅዋም ኤ.ዲ.ኪ ብዘነጸሮ መሰረት ሓላፍነት ማእከላይ መሪሕነት ብዛዕባ መጻኢ ዕድሉን ኣብ ቻርተሩን ምቖምያታቱን ምምሕያሽ ንምግባር ዘይኮነስ ኣብ ቅርጻ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈትን ዕማማት ሽማግለታቱን ምምሕያሽ ጥራሕ ዝተሓጸረ'ዩ። መርገጺታት ኩሉም ኣባላት ውድባት ኪዳን ኣብዚ ዙር'ዚ ኣብ ክሊ'ዚ ኣገባብ'ዚ ንኩሉ ኣባላቱ ብዝቕይድ ይውሰድ ኔይሩ። ገደብ ውሳኔታት ኤ.ዲ.ኪን እኹልን ዘይእኹልን ንምነጻርን ኣብ ጉባኤታትን ኣኼባታት ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈትን ዝውሰን ዳኣምበር ብንጽል መግለጽትታን ኣዋጃትን ኣይኩነን።

2. ኣብ ጠቕላላ ጉባኤ ኪዳን መጋቢት 2011 ዝጸደቐ ፖለቲካዊ ሰነድ - ስእሊ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኪዳን- ዘርእስቱ ነዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ይገልጽ፡-

   (ኪዳን ከም ፖለቲካዊ ኣካል ክሳብ ውድቐት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክቕጽልን ምስ ውጺኢት ሃገራዊ ጉባኤ ቅርጽኡ ከጥዓዕምን ይግባእ ይብል።)

3. ነዚ ንምፍጻም ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ግብራዊ ስጉምቲታት ንምውሳድ እቲ ብደረጃ ኤ.ዲ.ኪ ከስራሕ ኣሎዎ ኢሉ ዝርኣዮ መደባትን ብደረጃ ኤ.ሃ.ባ.ለ ክስራሕ ኣሎዎ ኢሉ ዝርኣዮ ዕማማትን ኣብ ህዝባውን ዜናውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ኣነጺሩ ኣቕሚጡ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኣድላይ ስጉምትታት ንምውሳድ ከኣ፥ ንፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ሓላፍነት ሂቡ።
4. ከም'ውን ምስ ሃገራዊ ባይቶን ፈጻሚቱን ግብራዊ ሕድሕድ ምስንናቕን ምምልላእን ክውን ንምግባርን ዝኾነ ከፍጠር ዝኽእል ግርጪት ንምእላይን እቲ ስራሕ ብቀንዱ ኣብ እዋናዊ ዕማምት ብምውጃህ ንዝዓበየ ሓበራዊ ዕላማ ማለት ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ናይ ምውህሃድ ስራሕ ኣጣሚሩ ክሰርሕ ንዓንኬል ወጻኢ ጉዳያት ተዋሂቡ። በተማሳሳለሊ ምስ ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበረ ሰባትን ..ወዘተ ናይ ምውህሃድ ዕማም ይፍጽም።
5. ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሃገራዊ ባይቶ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ብፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤ.ሃ.ባ.ደ.ለ ዝግብሩ ስርሓት ዓንቂፉ ወይ ተቓዊሙ ወይ ኣንጻሩ ምልዕዓል ገይሩ ዝበል ጭብጢ የልን ኣይህሉን'ዩ። ብኣንጻሩ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤ.ዲ.ኪን ጨናፍሩን መሰረታቱን ካብቶም ግንባር ቀደም ብምምስራት ሃገራዊ ባይቶ ዘበሰሩን ንዝግበሩ ዘለዉ ንጥፈታት ብተብግሶ ዝድግፉን'ዮም።
6. ብተበግሶ ኪዳን ኣብ መንጎ ፈጻሚት ኤ.ዲ.ኪን ሃገራዊ ባይቶን ዝተግበረ ሓበራዊ ርክብ ክልቲኡ ኣካላት ከመይነት ኣድማዒ ምውህሃድን ምትሕበባርን ምድግጋፍን ንምግባር ኣገዳሲ መሰረታዊ ኣንፈታት ንምንጻር ሓጊዙን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣካላትን ሃገራዊ ዕማማቶምን ምጽራር ከም ዘሎ ብምምሳል ዝነፍስ ዘነበረ ወረታት ሓቅነት ከም ዘይብሉ ኣብ ምግሃድ ኣውንታዊ ጽልዋ ኔይሩዎ'ዩ።
7. ውጽኢት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሃገራዊ ባይቶ መተክኣታ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ወይ ዝኾነ ካልእ ፖለቲካዊ ይኹን ሲቪካዊ ጽላል ኣይገልጽን'ዩ (ብሕጋዊ መንገዲ ሃገራዊ ጉባኤ መሰል

*የብሉን)። ከምውን ተመስሪቱ ዘሎ ጽላላትን ፖለቲካዊ ውድባትን ንብሶም ከፍርሱን ወይ ሓጋግን ፈጻምን ኣካላቶም ይኹን ኩሉ ወይ ክፋል ፖለቲካውን ማሕበራውን ሰብኣውን ስነ-ሓስባውን ንጥፈታቶም ክስርዙን ንምግዳድ ኣይገልጽንዩ።*

8. *ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ናይ ዝተወደቡ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሓበራዊ ጽላል መጠን ኩሎም ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ሓይልታት ዘሳትፍ ሰፊሕ ጉባኤ ንምክያድ ካብ ባህግታት ትምኒታትን ናብ ርእይ ግብራዊ ፈጻመ ንምግባር ብተበግሶን ነዚ ትልሚ'ዚ ክውን ንምጋብር ኣብ ኩሉም ዝተኻየዱ መስርሓት ቃልሲ ኣብ ምስንዳእን ዝዓበየ ዕላም ንምርግጋጽ ብውጽኢታቱ ሽርክነት ብምግባር ምምእዛዝን ተሳትፍኡ ኣረጋጊጹ።*
9. *ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብመትከል ህዝቢ ነብሱ ክውድብን ክልዓዕልን ብምእማን ዓበይቲ ሲቪካውን ሞያውን ኔትዎርክን ጽላላትን ክምስረት ጽዒሩን ጽዊዑን ኣተባቢዑንዩ። ከምውን ህዝቢ ኣብ ሞያውን ባህላውን ማሕበራት ብምውዳብ ኣብ ዝሰፍሐ ጽላላት፡ ካብኣቶም ድማ ንፖለቲካዊ ሰልፍታትን ውድባትን ዝሓቁፍ ሰፊሕ ጽላል- ብምጥርናፍ ኣድላዪ ምዃኑ ይኣምን። ሃገራዊ ባይቶ ድማ፡ ንዞም ኣብ ክሊ ዝዓበየ ዕላማ ደሞክራስያዊ ለውጥ ንምርግጋጽ ዝሰምሩን ብመልክዕ ውደባን ሞያን ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝጥርንፍ ዝሰፍሐ ሃገራዊ ግንባር ኮይኑ ነፍስ ወከፎም ከከም ዓቕሞምን ሞያኦምን ብሓሳብን ተግባርን ዝዋስኡሉ ይኸውን።*

*ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው መሰረት ብምግባር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኩሎም ወገናት ንኪዳንን መሪሕነታዊ ቅርጻኡን ካብ ሓላፍነቶም ንላዕሊ ከሰክምዎም የብሎምን። ኮምኡ'ውን ቅድሚ ምቕማጥ ፖለቲካዊ ሓሳባቶም ኣብ ዝገብርዎ ገምጋም ከኣ፡ ወድዓውን ንጹርን ኮይኑ ኣብ ቅዋም ኤ,ዲ,ኪ ዝተመርኮሰ ክኸውን ይጽውዕ። ከምውን ኣብ ምፍታሕ ሃገራዊ ጉዳይትን ንኪዳን ዝምልከት ጉዳይትን ኣብ ክንዲ ብስምምዕ ኣብክሊ ዝተሓተ መድብ ዕዮ፡ ብዝውሓደ ከኣ፡ ናብ ዘለናዮ መድረኽ ዘብጽሑና ግብራዊ ተሞክሮ ዘለዎ ሰረታት ካብ ምፍራስ ገድላዊ ሓድነትና ንምርግጋጽን ብመድረኻዊ ገድላዊ ጉዳያትና ንምቕያድን ደሞክራስያዊ ህንጸት ንምጽራጽን ብወለንታ ዝሓንጸጽዎ ሰረታት ከኽብሩን ትካላዊ ኣሰራርሓ ሓባራዊ መድረኻዊ ጽላላትና ከስፍንን ይጽውዕ።*

*ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ብወለንታ ዝተመስረተ ጽላል መጠን ኩሉም ፖለቲካዊ ምርጫታት ንምውሳድን ኣብ ክሊ ሕጋዊ ትካላት እርማትን ምምሓያሻትን ንምግባርን መሰሎም ዝተሓለወ ምዃኑ ባህርያዊ'ዩ።*

***ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት***
***ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን***
*08 ግንቦት 2012*